# ምውሳኽ ምርካብ ኣገልግሎት ፍትሒ ስድራቤት

ታሕሳስ 1, 2023

ሓድሽ ስትራተጂ ፍትሒ ስድራቤት (Family Justice) ንጉዳያት ቤት ፍርዲ ስድራቤት ንኣልበርታውያን ዝቐለለ ክገብሮም ኢዩ።

ካብ ኣብያተ ፍርዲ ወጻኢ ንጉዳያት ስድራቤት ምፍታሕ፣ ኣብ ህጻናትን ስድራቤታትን ጸቕጢ ከጒድል ይኽእል። መንግስቲ ኣልበርታ ንኣልበርታውያን ብፍላይ ድማ ነቶም ኣብ ከም ፍትሕ፣ ስምምዓት ደገፍ መጻምድቲ (ብዓል/ቲ ገዛ)፣ ምስራዕ ኣተዓባብያ ውላድ (parenting arrangements) ወይ ትእዛዝ ደገፍ ቆልዑ ኣብ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ንነብሶም ዝውክሉ፣ ንጉዳያት ሕጊ ስድራቤት ብቕልጡፍ ንክፍትሑ ንምሕጋዝ ነቲ ስርዓት ፍትሒ ስድራቤት የመሓይሽ ኣሎ።

ኣብ’ዚ እዋን’ዚ፣ ኣገልግሎት ፍትሒ ስድራቤት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፍርዲ ዝተፈላለየ ኲይኑ፣ ኣልበርታውያን ንገለ ኣገልግሎታት ክረኽቡ ድዮም ኣይክረኽቡን ድማ እቲ ጉዳዮም ኣብ ኣየናይ ቤት ፍርዲ ወይ ሕጊ ከም ዝዓልብ ይምርኮስ። ኣልበርታውያን ኣብ ኣየናይ ቤት ፍርዲ ይኺዱ ብዘየገድስ ተመሳሳሊ ዓይነት ኣገልግሎታት ክረኽቡ ንክኽእሉ ምእንቲ እቲ ሓድሽ ስትራተጂ ፍትሒ ስድራቤት ኣብ ክልቲኡ ቤት ፍርዲ ኣልበርታን ቤት ፍርዲ ንጉስ ቤንች (King’s Bench) ኣልበርታን ኣገልግሎታት ንምውህሃድ/ንምስምማዕ ክሕግዝ ኢዩ። መንግስቲ ኣልበርታ ነዚ ስትራተጂ’ዚ ንምምዕባል ምስ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኣልበርታን ቤት ፍርዲ ንጉስ ቤንች (King’s Bench) ሰሪሑ።

“መንግስቲ ኣልበርታ፣ ኣብ’ዚ ድሮ ኣጸጋሚ ኲይኑ ዘሎ እዋን፣ ነበርቲ ኣልበርታ ንጉዳያት ሕጊ ስድራቤት ኣብ ዝገጥሙሉ ዘለዉ ጸቕጢ ንምቅላል፣ ስርዓት ፍትሒ ስድራቤት ዝያዳ ከምዝርከብ ይገብሮ ኣሎ። ኣልበርታውያን ቅድሚ ክሲ ምቕራቦም ወይ ኣብ ቤት ፍርዲ ምቕራቦም ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ንኽረኽቡ ቅድመ-ቤት ፍርዲ ኣገልግሎታት ነስፍሕ ኣለና።”

*ሚኪ ኣመሪ፣ ሚኒስተር ፍትሕን ዋና ኣኽባር ሕግን*

ኣብ ኤድመንተንን ካልጋሪን ቅድመ-ቤት ፍርዲ ኣገልግሎት ንምስፋሕ፣ስትራተጂ ፍትሒ ስድራቤት ካብ ባጀት 2023 ብ5 ሚልዮን ዶላር ወፍሪ ይድገፍ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም፣ ኣማራጺ ኣፈታትሓ ክርክር (alternative dispute resolution)፣ ኣማኸርቲ ቤት ፍርዲ ስድራቤትን ምትእትታው ወለዲን ሓዊስካ፣ ኣልበርታውያን ንሓደ ጉዳይ ስድራቤት ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ክፈትሕዎ እንተደልዮም ንኸውስኑ ወይ ናብ ቤት ፍርዲ ክኸዱ እንተ ወሲኖም ነቲ መስርሕ ብዝበለጸ ንኽርድእዎ ክሕግዙ ይኽእሉ።

ብተወሳኺ፣ መንግስቲ ኣልበርታ ንጉዳያት ሕጊ ስድራቤት ዝከታተሉ ኣልበርታውያን ሓበሬታ ንምሃብ፣ ንስድራቤት ፍታሕ ንምምጻእ መምርሒ ዝህብ ማእከል (Family Resolution Hub) ዝበሃል ናይ ኢንተርነት መሳርሒ የተኣታቱ ኣሎ። እቲ ንስድራ ቤት ፍታሕ ንምምጻእ መምርሒ ዝህብ ማእከል፣ ኣልበርታውያን ፍትሕ ኣብ ዘበግስሉ ፣ ንሞግዚትነት ኣብ ዘመልክትሉ ወይ ንምስራዕ ኣተዓባብያ ውላድ ዳግማይ ንምስምማዕ ኣብ ዝዘራረብሉ እዋን፣ ኣማራጺታቶምን ዝቕጽል ስጉምትታቶምን ዝድህስሱሉ ሓድሽ መንገዲ ክህቦም ኢዩ። እቲ መድረኽ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ መላእ እታ ኣውራጃ ንዝርከቡ ኣልበርታውያን ክህሉ ኢዩ።

“ንስድራ ቤታት ንምድጋፍ ዝግበር ጻዕርታት ምውህሃድ ፍጹም ትርጉም ኣለዎ። ንሕና ነቲ ንኣማራጺ ጸጋታት ምፍታሕ ዘይምርድዳእን ብቑዓት ሰራሕተኛታት ሽምግልናን ምትእስሳር ንምሃብ ዝሕግዝ፣ ነቲ ኣብ ሞዴል ኣወሃህባ ኣገልግሎት ስትራተጂ ፍትሒ ስድራቤት ዘሎ ኣረኣእያታት ኣጸቢቕና ንድግፍ። ንጽቡቕ ሂወት ስድራቤታት ኣልበርታ ኣብ ምምሕያሽን ምድንፋዕን ተሓባበርቲ ክንከውን ብሃንቀውታ ንጽበ።”
*ሊን ኪንግ፣ ፈጻሚ/ት ዳይረክተር፣ ኣማራጺ ኣፈታትሓ ዘይምርድዳእ ኢንስቲትዩት ኣልበርታ*

“እቲ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ኣልበርታ ዝጅምር ዘሎ ሓድሽ ስትራተጂ ፍትሒ ስድራቤት፣ ነቶም ኣብ ናይ ሓባር ናይ ውላድ ኣተዓባብያኦምን (co-parenting) ተዛመድቲ ጉዳያቶምን ከመይ ገይሮም ከምዝቕጽሉ ይጻገሙ ንዘለዉ ወለዲ ነቶም ብድሆታት ብዘይተጻረረ፣ ብዝያዳ ንስድራቤት ብዝምችእ ኣገባብ ንምምሕዳር ዕድል ክህቦም ኢዩ። ምፍታሕ ግርጭት ስድራቤት፣ መብዛሕትኡ እዋን፣ ንስድራቤታት ዝወጽእ ፋይናንሳውን ስምዒታውን ወጻኢታት ብዓቢኡ ይንክዮ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ውሳነ ንምብጻሕ ዘድሊ ግዜ።”
*ሻሮን ጀይ ክሩክስ፡ ኣደ መንበር ቦርድ፣ ማሕበር ሽምግልና ስድራቤት ኣልበርታ*

**ቅልጡፍ ሓቅታት**

- ኣብ ኣልበርታ ዝርከቡ ጉዳያት ሕጊ ስድራቤት ኣብ ቤት ፍርዲ ኪንግስ ቤንች ኣልበርታን ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኣልበርታን ይረኣዩ/ይስምዑ።
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፣ ቤት ፍርዲ ኪንግስ ቤንች ናይ ኣልበርታ ኣስታት 60,000 ሓደስቲ ሲቪላውን ስድራቤታውን ጉዳያት፣ 9,000 ፍርዲ ፍትሕን 350 ሲቪላውን ስድራቤታውን መርመራታት (trials) ይርኢ።
- ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኣልበርታ ዓመታዊ ኣስታት 17 ሽሕ ጉዳያት ሓለዋ ስድራቤትን ህጻናትን ይሰምዕ።

**ዝዛመድ ሓበሬታ**

- ናይ ፍትሕን ምፍልላይን ኣገልግሎትን ሓበሬታን (Divorce and separation services and information)

**ዝዛመዱ ዜናታት**

- ናይ $5 ሚልዮን ምስፍሕፋሕ ኣገልግሎት ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ዝግበር ምፍታሕ ጉዳያት ስድራቤት ($5-million expansion to family resolution services [መጋቢት 29, 2023]).

**ናይ ማዕከናት ዜና ሕቶታት**

ቺነንየ ኣኖክዉሩ (Chinenye Anokwuru)
Chinenye.Anokwuru@gov.ab.ca
(780) 720-1915
ላዕለዋይ ጸሓፊ/ት ፕረስ፣ ፍትሒ